# ጠቓሚ ሓበሬታ ብዛዕባ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል

**ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  እንታይ ኢዩ?**

ንVCE ወይ VCAL  ብሰንኪ ሕማም፣ ስንክልና ወይ ብሰበብ ኻሊእ ሽግር  ክዕንቀፉ ንዝኽእሉ ተማሃሮ  ካሊእ ኣማራፂ ዝረኽቡሉ ዕድል ኢዩ። እዚ ዕድል ዝረኸቡ ተማሃሮ ኣብቲ መደብ ብምስታፍ ዝተማሃሩዎ ነገር ብተግባር ዘርእዩሉ ዕድል ይፈጠርሎም።

**ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  ኣብዞም ዝስዕቡኩነታት  ይትግበር፤**

- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ዝካየድ ትምህርቲ
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተደረኸ ገምጋም ኣብዝግበረሉ እዋን
- ናይ VCE  ናይ ወፃኢ ገምጋም ኣብዝካየደሉ እዋን

እዚ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  ዝወሃብ ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ፀገማት ንዝተቓልዑ ተማሃሮ ኢዩ።

- ዘፃድፍ ወይ ሕዱር ሕማም ንዘለዎም
- ናይ ውልቂ ወይ ናይ ስድራቤት ፀገም ንዘለዎም
- ካልኦት ፀገማት ወይ ስንክልና፤ ምዝባዕ ክእለት ትምህርቲ ዘለዎም ሓዊሱ ናይዚ መደብዚ ተጠቀምቲ ኢዮም።

ውፂኢት ትምህርቶም ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ፀገማት ፤ ንኣብነት ንነዊሕ እዋን ካብ ቤት ትምህርቲ ብምትራፎም ምኽንያት ውፅኢቶም ኣዝዩ ንዝንቀልቀለ ተማሃሮ በዚ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  ተጠቀምቲ ኢዮም።

**እዚ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል እንድሕር ተዋሂቡኩም እንታይ ትረኽቡ?**
ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል ዝረኸበ ሰብ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝግለፅ ሓገዛት ይረክብ፣

- ኣብ ክፍሊ ትሰርሕዎም ስራሕቲ ትውዱኡሞ ገምጋም ኣብ ካሊእ እዋን ንኽካየድ ይግበር።
- ዝተፈለየ መገዲ ትምህርታዊ ገምጋም ምጥቃም፤ ወይ ዝተፈለየ ትምህርቲታዊ ተግባር ምውዳእ
- ንናይ ክፍሊ ትምህርቲ ኮነ ነቲ ትምህርታዊ ገምጋም ዝሕግዝ ተወሳኺ ቴክኖሎጂ ምጥቃም፣ ሓጋዚ ወይ ፍሉይ ምድላው ምትግባር።
- እቲ ተማሃራይ ኣብ ካሊእ ዕዮ ዝረኸቦ ውፅኢት ተደሪኽካ ዝተመጣጠነ ውፅኢት ምሃብ።

**እዚ ናይ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  ንምርካብ ብኸመይ ክተምልክቱ ትኽእሉ?**
እዚ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል ይግባኣኒ ኢዩ ዝብል እምነት እንድሕር ሃልዩኩም፣ ነቲ ናይ ቤት ትምህርትኹም ርዕሰ መምህር ወይ ናይVCE ኣተሓባባሪ ኣዘራርቡ።  ቤት ትምህርትኹም እዚ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ንዝማሃሩ ኮነ  ስሩዕ ትምህርታዊ ገምጋም ዝገበአኩም ምኺኑን ዘይምኺኑን ክውስን ኢዩ።

ናይ ቪክቶሪያ ብዓል መዚ ስርዓት ትምህርትን ትምህርታዊ ገምጋምን / Victorian Curriculum and Assessment Authority (VCAA) ንስኹም ንVCE ናይ ወፃኢ ትምህርታዊ ገምጋም፤ ሓፈሻዊ ናይ ውፅኢት ፈተናን (GAT) ሓዊሱ ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ፈተናታት ምድላው ዝምልከተኩም ምኺኑን ዘይምኺኑን ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎ። ኣብያተ ትምህርቲ ተማሃሮኦም ወኪሎም ንምድላው ፍሉይ ፈተና ሕቶ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎም።

ብዛዕባ ፍሉይ ኣማራፂ ዕድል  ተወሳኺ ሓበሬታ እንድሕር ደሊኹም ኣብ ናይ VCAA  መርበብ ሓበሬታ
https://www.vcaa.vic.edu.au/ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ብተወሳኺ ንVCAA

- ብቑፅሪ ስልኪ : 9032 1629 ደውሉ (ንብሄራዊ ናይ ምስትርጓም ግልጋሎት   ብቑፅሪ ስልኪ 131 450) ደውሉ ብተወሳኺ
- ብኢሜይል : vcaa@education.vic.gov.au ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ቪክቶሪያ ብዓል መዚ ስርዓት ትምህርትን ገምጋምን / Victorian Curriculum and Assessment Authority (VCAA) እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ዝፍፅም መንግስታዊ ኣካል ኢዩ።:

- ኣብ ኣብያተ ትምህርትታት ቪክቶሪያ ዝወሃቡ ኮርስታት የዳሉ።
- ናይ ቪክቶሪያ ምስክር ወረቐታት ትምህርቲ የዳሉ(VCE) ከምኡውን ብዛዕባ ናይ ቪክቶሪያ ምስክር ወረቐታት (VCAL) ትልምታት የውፅእ፣ ትምህርታዊ ገምጋምውን ይመርሕ።